# ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2024-20245 ስምምዕ ተጠቃሚ መሳርሒ ዲጂታል ድሪመርስ (Digital Dreamers Device)

DeKalb County School District፡ ኣብ ኣካዳምያዊ ዓመት (ዓመተ-ትምህርቲ 2024-2025) ዝጥቀሙላ Chromebook፡ ካብ ቅድመ-መዋዕለ-ህጻናት ክሳዕ 12 ክፍሊ ንዘለዉ ተማሃሮ ትምደበሎም እያ። Chromebooks፡ ንብረት DCSD (DeKalb County School District) ስለዝኾና፡ ካብዛ ኣውራጃ ኣብ እትግዕዝሉ እዋን ከምኡውን/ወይ መስርሕ ምእካብ ኣብ ዝካየደሉ ናይ መወዳእታ ዓመት ክትመልስወን ይግባእ።

ወለድን ተማሃሮን፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ሰነድ'ዚ ንዘሎ መምርሒታት ከምኡውን ንኹሉ ባህርያትን ኣጠቓቕማ ተክኖሎጅን ዝምልከት ፖሊሲታት ቤት ትምህርቲ፡ መምሃሪ ክፍልን ዲስትሪክት ቤት ትምህርትን ከንብቡ፡ ክፍርሙን ክኽተሉን ግዴታ ኣለዎም።

ዝርከብ ሰብ፥ ሕቶታት ወይ ጸገማት እንተልይኩም፡ ብኽብረትኩም ንምምሕዳር ቤት ትምህርትኹም ተወከሱ።

## ስምምዕ ክሮምቡክ

### ምቕባል መሳርሒ

*ወለድን ተማሃሮን፡ እቲ መሳርሒ ክውሃበም እንተኸይኑ፡ ነዚ ውዕል ፈሪሞም ክመልስዎ ይግባእ።*

### ምምላስ መሳርሒ

*መሳርሒታት፡ ኣብ ምውዳእ ዓመተ-ትምህርቲ ናብ ቤት ትምህርቲ ክምዝምለስ ይኸውን። ብDCSD ንእተዋህበ መሳርሒታት ኣብ እትጥቀሙሉ እዋን፡ ናብ ዝኾነ ሰብ ኣይመሓላለፍን እዩ፣ ተማሃራይ፡ ኣብታ ዝሃበቶ ቤት ትምህርቲ ንኽምሃር ዘይተመዝገበ ምስዝኸውን፡ ነቲ መሳርሒ ኣይጥቀመሉን እዩ።*

*እቶም ብዝኾነ ምኽንያት ናብ ካልእ ቤት ትምህርቲ እተመሓላለፉ፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ዝወጹ፡ እተሰጉ ወይ ዘቛረጹ ተማሃሮ፡ ኣብቲ ዝወጽሉ/ዘቛረጽሉ ዕለት ነቲ መሳርሒ ክመልሱ ይግባእ።*

*ነታ እተዋህበቶ መሳርሒት ዘይመለሰ ዝኾነ ተማሃራይ፡ ንምሉእ መተካእታ'ታ መሳርሒትን መለጋገቢታትን ዝኸውን ክሳዕ $457.65 ከምዝኸፍል ኽግበር እዩ።*

### ዕንወትን ምጥፋእን

*እቲ መሳርሒ ንተማሃራይ ምስተዋህበ፡ ብፍላጥ ይኹን ወይ ብሸለልታ ምስዝዓኑ፡ ምዝጠፍእ ወይ ምዝስረቕ፡ ተማሃራይ ከምኡውን ወለዲ/መጉዚት ተማሃራይ፡ ኣብዚ ሰነድ'ዚ ንእተጠቕሰ ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ንኽኸፍሉ ሓላፍነት ይወስዱ።*

### ሸለልትነት

እቲ መሳርሒ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ዓመተ-ትምህርቲ ብተደጋጋሚ እንተተሰይሩ፡ ክሳዕ $457.65 ዚበጽሕ ምሉእ መተካእታ Chromebook ዜጠቓልል ስጉምቲ፡ ምምሕዳር ኣውራጃ ኪወስድ እዩ።

### መሳርሒ ንኽጥቀም ሓላፍነት ዝወስድ ኣካል

*እቶም ብኣውራጃ ዝተዋህበ መሳርሒታት ዝጥቀሙ ኩሎም ተጠቀምቲ፡ ኣብ ፖሊስን መካየዲ መምርሒታትን ኣውራጃ IFBGA ተዘርዚሩ ዘሎ እሞ ኽኣ ኬተግብርዎ ትጽቢት ንዝገበረሎም ነገራት ኪኽተሉ ኣለዎም፥ ሓላፍነታዊ ኣጠቓቕማ ኢንተርፕራይዝ ኔትዎርክ (Enterprise Network, JD:)፥ መምርሒ ስነ-ስርዓት/እዱብ ጠባያት ተማሃራይ ከምኡውን JS። መቕጻዕቲ፡ ክፍሊትን ወጻኢታትን ተማሃሮ።ተማሃራይ ኽገብሮ ትጽቢት ዝግበረሉ ነገራት ምስዘይገበር፡ ኣብ ግብሪ ዝውዕል ዲሲፕሊናዊ ስጉምታት ከምዝውሰደሉ ኽግበር እዩ። ኩሉ ፖሊሲታት ኣውራጃ፡ ኣብ [www.dekalbschoolsga.org](http://www.dekalbschoolsga.org) ኪርከብ ይከኣል እዩ።*

ተማሃራይ፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ቦታታት ንመሳርሒ ኣብ ዝጥቀመሉ ግዜ ምክትታል፡ እንኮ ሓላፍነት ወለዲ/መጉዚት እዩ። ተማሃሮ፡ ነዚ መሳርሒ ኣብ ዝኾነ ግዜን ኣብ ዝኾነ ቦታን ኣብ ዝጥቀሙሉ እዋን፡ ዘይቅቡል ተግባራት ኸካይዱ ወይ ክልኩል ነገራት ክርእዩ የብሎምን። ተማሃሮ፡ ነዚ መሳርሒ፡ ኣብ ውሽጢ ቤት ትምህርቲ ይኹን ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ቦታታት፡ ንዘይቅቡል ንጥፈታት ምስዝጥቀሙላ፡ ዲሲፕሊናዊ ከምኡውን ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰደሎም እዩ።

**ምስጢራውነት**

ብዞባ እተዋህበ መሳርሒታት፡ ንብረት DCSD እዩ። ስለዚ፡ በቲ መሳርሒ ዝስራሕ ኩሉ ነገር ናይ ውልቂ ኣይከውንን። እዚ ማለት ሰራሕተኛታት DCSD፡ ኣብ ዝኾነ እዋን፡ ብዲስትሪክት ንእተዋህበ ኤለትሮኒካዊ መሳርሒታት ከህግሩን ኣብ ውሽጡ ንዘሎ ትሕዝቶታት ከፍትሹን ይኽእሉ እዮም። ክሮምቡክ ኣብ ዝጠፍኣትሉ ወይ እተሰርቀትሉ እዋን፡ ስርሓ ደው ከምእትብል ኸግበር እዩ (ዲኣክቲቨይትድ ኸትግበር እያ)።

DeKalb County School District፡ ንኹሉ መዳያት ኣዋጅ ሓለዋ ናይ ኦንላይን ምስጢራውነት (Children's Online Privacy Protection Act (**COPPA**))፡ ኣዋጅ ሓለዋ ኢንተርነት ቈልዑ (Children's Internet Protection Act (**CIPA**)) ከምኡውን ኣዋጅ መሰላትን ምስጢራውነትን ትምህርቲ ስድራቤት (Family Education Rights and Privacy Act (**FERPA**) ኣፍልጦ ይህብ እዩ።

DeKalb County School District፡ ንመርበባት፡ መሳርሒታት ወይ ርክባት ኢንተርነት ገዛ ተማሃራይ ኣይከታተልን እዩ። ዞባ፡ ብዞባ እተዋህቡ መሳርሒታት ኣብ ጥቕሚ ኣብ ዝውዕልሉ ግዜ ቊጽጽር ይገብር እዩ። ብተወሳኺ፡ DCSD፡ ብኣውራጃ ንዝተዋህበ መሳርሒታት ኣብ ዝጠፍኣሉ ወይ ኣብ ዝስረቓሉ ግዜ ኣበይ ቦታ ከምዘለዋ ተኸታቲሉ ይረክብ።

**ኣፕሊኬሽናት**

ቤት-ትምህርቲ ዞባ ደካልብ፡ ኣብ ነፍስወከፍ መሳርሒ ኣቐዲሙ ዝጽዓን ኣገደስቲ ኣፕሊኬሽናት ከመይ ምጿኑ መጽናዕቲ ይገብር እዩ። ኣብ መላእ ዓመት ድማ ንትምህርቲ ሓገዝ ዝኸውን ተወሳኺ ኣፕሊኬሽናት ከምዝውሰኽ ክኸውን ይኽእል እዩ። ዲስትሪክት ቤት-ትምህርቲ ዲካልብ ካውንቲ፡ ንኣፕሊኬሽናት ክዕድግን ክተክልን ሓላፍነት ይህልዎ።

**እተፈቕደሉ ሓላፊ ቤት ትምህርቲ እንተዘይኮይኑ ካልእ ሰብ** ብዞባ ኣብ እተዋህበ መሳርሒ፡ **ኣፕሊኬሽናት ክኣቱ ወይ ክድምሰስ ኣይክእልን እዩ።** "ንውሱን ኣጠቓቕማ መሳርሒ ከምዝሰፍሕ ምግባር (Jail breaking)" ከምኡውን ኮድ መሳርሒታት ምስባር ኣይፍቀድን እዩ።

***መሳርሒት ምስእትበላሾ፡ ምስእትጠፍእ ወይ ምስእትስረቕ ዚኽፈል ገንዘባዊ መቕጻዕቲ***

እቲ መሳርሒ ንተማሃራይ ምስተዋህበ፡ እቲ መሳርሒ ከምኡውን/ወይ ምስኡ ዝኸይድ መላግቦታት ብዝኾነ ምኽንያት፡ ብፍላጥ ይኹን ብሸለልትነት ምዝጠፍእ ወይ ምስዝስረቕ፡ ተማሃራይ፡ ወላዲ/መጉዚት፡ ነዚ ዝስዕብ ክፍሊታት ንኽኸፍሉ ሓላፍነት ኣለዎም፥

**Chromebook/መተካእታ ናይቲ ምስኡ ዝኸይድ ናውቲ መሳርሒታት Chromebook**

| | |
|---|---|
| **ዝጠፍኤ/እተሰርቀ/ከምዘይጽገን ኮይኑ እተበላሸወ** | • $457.65 |
| **እተበላሸወ - ክጽገን ዝኽእል** | • እተን ዝተበላሸዋ መሳርሒታት ዝጽገና እንተኾይነን ንምፍላጥ፡ ብጒጅለ DCSD ክምርመራ እየን። እቲ እተበላሸወ መሳርሒ ክጽገን ዘይክእል እንተኾይኑ፡ ምሉእ ክፍሊት መተካእታ ክኽፈል ከድሊ እዩ።<br>ኣብ ላዕሊ ርኣዩ። |
| **መላግቦታት ጥራይ** | • Acer Spin 511, 311 & 712 Power Adapter $35.70<br>• Chromebook Gum Drop Case $15.42 |

**ንመሳርሒታት ንምትካእ ዝወጽእ ገንዘብ፡ ነቲ መሳርሒ፡ ኩሉ መላገቢታት፡ ፍቓዳት ሶፍትዌርን መጽዓንን (ሴትኣፕን) ዘጠቓልል እዩ።*

**ስርቂ፥**

እቲ መሳርሒ ንተማሃራይ ምስተዋህበ ብሰብ ምስዝስረቕ፡ እቲ ተማሃራይ፡ ወለዲ/መጉዚት፡ ነዚ ዝስዕብ ሓላፍነት ይስከሙ፥

- ንምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ምሕባር
- ምምላእ ጸብጻብ ፖሊስ
- ምሉእ ክፍሊት መተካእታ ምኽፋል

**ካብ ቤት ትምህርቲ ኣብ ዝሰጋገረሉ/ኣብ ዝወጸሉ እዋን፡ ንመሳርሒ ወይ መላገቢታት ዘይምምላስ**

ነዛ መሳርሒት ወይ ዝኾነ ምስኣ ዚኸይድ መወሰኺታ (ኣክሰሰሪስ) ናብ ካልእ ሰብ ምስዘመሓላልፍ ወይ ካብቲ ውዕል ምምላስ ምስዝወጽእን ምስዘይመልሳን፡ ኣብ ክንዲ'ታ Chromebookን ከይትስበር ዚከላኸል ቦርሳኣን፡ ክሳዕ $457.65 (ክፍሊት ምሉእ መተካእታ) ዚበጽሕ ገንዘብ ንኺኽፍል ሓላፍነት ኪህልዎ እዩ።

**<u>ፍቓድ ወላድን መውሃቢ መሳርሕን</u>**

ኣብዚ ስምምዕ ብምፍራም፡ ኣብዚ ሰነድ'ዚ ንዘሎ መምርሒታት ከምዘንበብኩምን ከምእተረዳእኩምን ከምኡውን ንውላድኩም ንእተዋህበ መሳርሒ ከምእተቐበልኩም ትሕብሩ ኣለኹም። ክሮምቡካት፡ ንብረት DCSD ኮይነን፡ ካብ ዲስትሪክት ኣብ ዝወጽሉ ግዜ ከምኡውን/ወይ ኣብ መወዳእታ ዓመት ኣብ ዝግበር ምእካብ ንብረት ከምዝምለሳ ይርድኣኩም እዩ። ውላድኩም፡ ንመሳርሕን መላገቢታትን ኣብ ዝሓዘሉ እዋን ንዘጋጥም ዕንወት፡ ምጥፋእ ወይ ስርቂ ሓላፍነት ክወስድ ምዃኑ ትርድኡን ኣብዚ ሰነድ'ዚ ምስ እተጠቕሰ ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ትሰማምዑን ኢኹም።

ውላድኩም፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ቦታታት ኣብ ዝሃለወሉ እዋን ንመሳርሒ ኣብ ዝጥቀመሉ ግዜ ከምኡውን ብመገዲ መርበብ ስልኪ-ኣልቦ ንዝርእዮ ትሕዝቶን ንኽትከታተሉ እንኮ ሓላፍነት ከምዘለኩም ትርድኡን ትሰማምዑን። ተማሃሮ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ቦታታት፡ ነቲ መሳርሒ፡ ንዘይቅቡል ወይ ክልኩል ንጥፈታት ኣብ ዝጥቀሙሉ እዋን፡ ድስፕሊናዊ ስጉምቲ ከምዝውሰደሎም ትርድኡ ኢኹም።

DeKalb County School District፡ ነቲ ብሰንኪ ዘይግቡእ፡ ዘይሕጋዊ ኣጠቓቕማ፡ ጠልቀፍቀፍ፡ ምስባር ኮዳት ወይ ምቕያር ቅርጺ መሳርሒ፡ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ንዝመጽእ ዕንወት ሓላፍነት ከምዘይስከም፡ ንስኹምን ውላድኩምን ተቐቢልኩም ትሰማምዑ ኣለኹም። ንስምምዕ ቅቡል ኣጠቓቕማ ኢንተርነት ዲስትሪክት ቤት-ትምህርቲ ዲካልብ ካውንቲ (District’s Internet Acceptable Use Agreement) ዘየኽብር ዝኾነ ተጠቃሚ ተማሃራይ፡ ብምምሕዳር ቤት ትምህርቲ ከባቢ ንዝጸንዐ ድስፕሊናዊ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊኡ ክውሰድ እዩ። ብተማሃራይ ዝግበር ምጥሓስ ሕግታት፡ ምስጓግ ካብ ትምህርቲ ወይ ምቑራጽ መሰላት ኣገልግሎት ዘካተተ ግቡእ ዲስፕሊናዊ ስጉምቲ ከስዕብ ይኽእል እዩ።

**ስም ወላዲ/መጉዚት**

**(ብኽብረትኩም ጽሓፍዎ)፥** ________________________________________

**ክታም ወላዲ/መጉዚት፥** ________________________________________ **ዕለት፡** ________________________

# <u>ስምምዕ ተማሃራይን ክታምን</u>

1. ብቤት ትምህርተይ ንዝውሃበኒ መሳርሒ ብጥንቃቐ ክሕዝ እየ።
   a. ገመዳትን ኬብላትን፡ ዕንወት ንኸየጋጥም ብጥንቃቐ ከምዝኣቱ ክግበር ይግባእ።
   b. ብመፍትሕ ኣብ ዘይተሸጐረ ሳጹን፡ ማኪና ወይ ዝኾነ ዓይነት ምክትታል ኣብ ዘይግበረሉ ቦታ ንዝተዋህባኹም መሳርሒታት ሓዲግኩመን ክትከዱ ብፍጹም ኣይግባእን።
   c. ብመገዲ መሐበሪ ፍጻሜታት (Incident IQ)- ፖርታል ሰደቓ ሓገዝ ተማሃራይ (Student Helpdesk Portal) - ኣቢልካ ንዘጋጠመ ዝኾነ ጸገማት ሶፍትዌር/ሃርድዌር ምሕባር።
   d. መሳርሒ ኣብ ዘይትጥቀሙሉ እዋን፡ ጽቡቕ ሓለዋ ኣብ ዝግበረሉ፣ ምክትታል ዝግበረሉ መጠን ሙቐት ኣከባቢ ከምዝኸውን ምግባር።
2. ብቤት ትምህርቲ ንእተዋህበኒ መሳርሒ ንኻልኦት ሰባት ብፍጹም ኣየለቅሕን እየ።
3. ምግብን ዝስተ ነገርን ካብ መሳርሒየይ ከርሕቖ እየ።
4. ብቤት ትምህርቲ ንእተዋህበ መሳርሒ በብኽፋላት ኣይፍንጥሕን፡ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ኣይከፍትን ወይ ኣይቅርስንን እየ።
5. ንዝተዋህበኒ መሳርሒ ባዕለይ ክጽግኖ ክፍትን **የብለይን።**
6. ብቤት ትምህርቲ ንእተዋህበ መሳርሒ፡ ኣብ ውሽጢ እተዋህበኒ ሳንጣ ብምእታው ብምግዕዓዝ ኽከላኸል እየ።
7. ኣብ ቤት ትምህርቲ፡ ገዛ ወይ ዝኾነ ቦታ ኣብ ዘለኹሉ እዋን፡ ብቤት ትምህርተይ ንእተዋህበኒ መሳርሒ፡ ብኣገባብ ክጥቀምን ንትጽቢታት ቤት ትምህርቲ ከማልእን እየ። ንመሳርሒየይ፡ ብዘይግባእ ኣገባብ ምስዝጥቀም፡ ብቤት ትምህርቲ ዲሲፕሊናዊ ስጉምቲ ክውሰደለይ ይከኣል እዩ።
8. ብቤት ትምህርቲ ኣብ ዝተዋህበኒ መሳርሒ፡ መጸባበቒ (ንኣብነት፥ ዝጠብቕ ነገራት፡ ምልክታት፡ ወዘተ) ክገብር **የብለይን።** ብቤት ትምህርቲ ኣብ እተዋህበኒ መሳርሒ ንዝርከብ ስቲከር መለለዩ ቊጽሪ (ስርያል ናምበር) ከምዝድምሰስ ኣይገብርን እየ።
9. ብቤት ትምህርቲ ዝተዋህበኒ መሳርሒ፡ ሓበሬታ ኣቐዲሙ ከይተዋህበኒ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ክትትልን ቊጽጽርን ከምዝግበረሉ እርዳእ እየ። **ኣብ መሳርሒየይ ዝገብሮ ወይ ዝሰርሖ ኩሉ ነገር ናይ ውልቂ <u>ኣይኮነን</u>።**
10. ንመምህር ወይ ኣብ ቤት ትምህርተይ ንዝሰርሕ ዓቢ ሰብ ወይ ወላድየይ/መጉዚት እንተዘይኮይኑ፡ ፓስወርድ(ታት) ንዝኾነ ሰብ ኣይህብን እየ።
11. ክሮምቡካት፡ ንብረት DCSD ኮይነን፡ ካብ ዲስትሪክት ኣብ ዝወጽሉ ግዜ ከምኡውን/ወይ ኣብ መወዳእታ ኣካዳምያዊ ዓመት ኣብ ዝግበር መስርሕ ምእካብ ንብረት ከምዝምለሳ ይርዳእ እየ።
12. ንእተዋህበኒ መሳርሒ ምስዘዕንዎ ወይ ምስዘጥፍኦ፡ ነቲ መሳርሒ ንምትካእ ዝወጽእ ዋጋ ክኸፍል ምዃነይ ይርዳእ እየ።

**ኣብ ስምምዕ ተጠቃሚ መሳርሒን ስምምዕ ተማሃራይን ንዘሎ መምርሒታት ይሰማምዓሉ እየ።**

**ስም ተማሃራይ (ብኽብረትኩም ጽሓፉ)፥** ______________________________________________

**ክታም ተማሃራይ፥** ______________________________________________ ዕለት፡ ______________